*ዓገብ ንስነ ጥበባዊያን ንክድመሩ፣ ካብ ኤርትራ ንኢትዮጵያ ዝበረሩ፣ ናይ ኣርዮስ ሉኡኻት፣ዓበይትን ናእሽቱን ምእዙዛት፣ ተበግሶኹም ኣለዎ ብልሐት፣ ምስ ኣምሐራ ኦሮሞ ተጋሩ፣ ቀይሕ ባሕሪ ናይናዩ ዝዝምሩ፣ብኣቢዩ ክትምርሐ ዘይሐፈሩ።*

*ከም ሐርበኛ ስነ ጥበባዊ ምሕረተኣብ፣ዓገብ እንተ ዘከኣሉ፣ ከም ወዲ ገብሩ፣ኣይንኸይድን ከ ዘይብሉ፣ዋጦታት ጃንዳ ህግደፍ፣ በረኸት ኣስገዶም፣ዘማሽ ፍሒራ ወዲ ትኹል ዝዓበይቶም፣ዓባይ በጊዕ ዕያውታ ሒዛ ትጠፍእ፣ ክብረት ዘይብሉ፣ኣብ ጥራይ ኣዳራሽ ይስዕስዕ፣ኣይነፍቅድን ህዝብና ዳግማይ ክነብዕ፣ ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፣ ዕርፍና ንጽ`ንዕ።*






*ደቂ መን ኮና እሞ ክንሰግድ፣ካብ ቀዳማዮም ዳሕረዋዮም ዝገድድ፣ንዝሩጋት ሐሞት፣ኣሜን በሃልቲ፣ስነ ጥበባዊያን ባዕሎም ደረፍቲ፣ባዕሎም ሳዕሳዕቲ፣ በረኸት ምስ ሰዓብቱ፣ ኣንጊሆም ዝሃወተቱ፣ ኣስጊድኩም ዶ ኣባ ብልሐቱ።*

*ኩዳዓትስ ውሒድዎም ክንብሎም መንሸሮ፣ ኣብ ጥራይ ኣዳራሽ ተሪፎም ዜሮ፣ንቀይሕ ባሕርና መንዩ ዝደፍሮ፣ሸግርን ጸበባን፣ህዝቢ ኤርትራ ከም ትማሊ፣ ክንሰግሮ ኢና ክንሰግሮ።*

*ደጊም ያኣክል፣ቅዋም ኣይትግበር፣ኡሱራት ኣይትፍሑ፣ ዶብና ኣይሕንጸጽ፣ምስ ጉጅሉኡ ከይተደምሰሱ፣ደቂ ኤረይ ደለይቲ ፍትሒ፣እንኮ ፍታሕ ንሱ እዩ ንሱ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ'ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና'ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን'ካብ ዉሸጡ ሑሩር'ኣባል ተሐሴ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*